# መባእታዊ መግለፂ

ሓደ ኣካል ናይ ዝኾነ ይኹን ሕብረተሰብ ብዛዕባ መሠረቱን መንነቱን ክፈልጥ ዘለዎ ባህርያዊ ጻምእ፡ ካብቱ ናይ ወድሰብ ናይ "ማኅበራውነት" ባህርይ (social nature of man) ተፈልዩ ዝረአ ጠባይ ኣይኮነን። እዙይ ከዓ ኣብቶም እዙ ሓቂ ዝምልከቶም ደቂ ኢ.ሮብ ኮነ ኣብቶም በብጊዜኡ ንዝተፈላለዩ ውልቀሰባት ብምሕታት ብዛዕባ መሠረት ዓሌት ሕዝቢ ኢ.ሮብ ንምፍላጥ ድሌት ኣብ ዘርእዩ ሰባት ዝስትውዓል ዝንባሌ ኢ.ዩ። ብዙ መሠረት'ዙይ ከስ፡ ኣብ'ዙ ሕጽር ዝበለ ጽሑፍ'ዙይ ንሕብረተሰብ ኢ.ሮብ ንምፍላጥ መንገዲ ይኾኑ ኢ.ልካ ዝግመቱ

ሀ. ታሪኹ
ለ. ቋንቋኡ
ሐ. ባህሉን ማኅበራዊ ኣነባብራኡን
መ. ስነቁጠባዊ ሕይወቱ

ዝምልከቱ መብራህርሂታት ንምቕራብ ፈቲነ ኣሎኹ። እዙይ ከዓ መንነት ሕዝቢ ኢ.ሮብ ክርዳእ ንዝደሊ ኮነ ክረድእ ንዝደሊ ክሕግዝ ይኽእል ብዝብል እምነት እዩ።

ብዛዕባ መሠረት ዓሌት ሕዝቢ ኢ.ሮብ፡ ባህሉን ታሪካዊ ኣመጻጽኣኡን ውሽጣዊ ትሕዝቶኡን ቅድሚ ምግላፅ፡ እዙ ዝስዕብ ሓፂር መተሓሳሰቢ ከቕርብ እፈቱ። ንዙ ንኡስ ጽሑፍ እዙይ ክጽሕፍ ዝደፋፈኣኒ ምኽንያት ካብ ኣፍ ብዙኃት፡ ብድምፂ ረድዮን ብጋዜጣን መጽሔታትን ከምዝስማዕ፡ ከማኡ'ውን ገሊኦም ጸሓፍቲ ታሪክ ኣብ መጻሕፍቶም ከም ዘሥፈሩዎ፡ ሕዝቢ ኢ.ሮብ ባዕሉ ዘይኣምነሉ ታሪክ ብምስማዐይ ኢ.ዩ። ምኽንያቱ "ንዘቕበረዶ የርድእዎ" ከምዝበሃል ሕዝቢ ኢ.ሮብ ብዛዕባ ታሪኹን ኣመጻጽኣኡን መሠረት ዓለቱን ባዕሉ ኣጸቢቑ ስለዝፈልጥ መረዳእታ ታሪኹ ካልኦት ክነግርዎ ኣይጽበን። ኣብ ልዕሊ እቱ ብረድዮን ብጋዜጣን ዝስማዕ፡ ብመልክዕ ታሪክ ዝተጽሓፉ ከም እኒ <u>መሠረት ዓሌት ሕዝቢ መረብ ምላሽ</u>[1]፡ ንሕዝቢ ኢ.ሮብ ካብ ኣኩስማዊ እንድርያስ ኣውፂኡ "ካብ ነገደ ኣገው (ላስታ) ጅራተ ቀጪን ኢ.ዮም" ዝብል ጋሻ ታሪክ ተጽሒፉ ይርከብ፤ ከማኡ'ውን ኣብ

[1] <u>መሠረት ዓሌት ሕዝቢ መረብ ምላሽ</u>፡ ብጆሜትራ ገብረ ኢየሱስ ኣባይ፡ ቤት ማኅተም ኮከበ ጽባሕ፡ ኣሥመራ፡ ፲፱፻፺፬ ዓ.ም.፡ ገጽ ፳፪፡ ፹፮፡ ተመልከት።



መጽሓፍ ኮንቲ ሮሲኒ[2] ሠፊሮም ካብ ዘለዉ ዛንታታት ሓደ፡ ወረደምሕረት መሠረቱ ካብ ዘይተገልፀ ይትባረክ ካብ ዝተብሃለ በረኸይና ከምዝተወልደ ይገልፅ። ሕዝቢ ኢ.ሮብ ግን ከም'ቱ ጸሓፊ መዛሙር ዳዊት ዝበሎ፡ "እቱ ዝሰማዕናዮን ዝፈለጥናዮን፡ ኣቦታትና እውን ዘዘንተዉልና፡ ካባና ካብ ደቃቶም ንውሉድ ወለዶ ዘይኃብኡዎን ንዙ ታሪክ እዙይ ኢ.ና እንኣምንን እነዘንቱን" (መዝ.78:3፤ 44:1)። ኣነ እውን ብዙ መሠረት እዙይ ኢ.የ ንዙ ሓፂር ጽሑፍ ከሰናዱ ዝተለዓዓልኩ።

መሠረት ገይረ ዝተጠቐምኩሉ: ካብ ዓበይቲ ሕዝቢ ኢ.ሮብ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ብጽሑፍ[3] ኮነ ቃል-ብቓል ዝዝንቶ ታሪክን ዛንታን ክኸውን እንከሎ፡ ብፍላይ በዓል ሠናይ ዝኽሪ ዝኾኑ ናይ ኢ.ሮብ ወዲ ኣባት ኣይተ ዓዶዑማር (ጕዕሽ) ሓሊቦ ከማኡ እውን ብሥጋ ውላዶም ዝኾኑ ነፍሰ-ኄር ኣይተ ኣብርሃ ዓዶዑማር፡ ካብ ጽሑፎም ኮነ ካብ ቃላዊ ዛንታኦም ዝረኸብኩዎ ታሪክ ኢ.ዩ። ከማኡ እውን "ነቦኻ ጠይቆ፡ ንሱ ኸዓ ከግህደልካ ኢ.ዩ፤ ዓበይትኻ'ውን ክነግሩኻ ኢ.ዮም" (ዘዳግ.32:7) ብዝብሎ መሠረት፡ ንዓበይትን ኣናእሽቱን ደቂ ኢ.ሮብ ብምውካስ ብእተረዳእኩዎን ብዝረኸብኩዎም ሓበሬታታትን ብዙኅ ተደጊፈ ኢ.የ።

ዝኾነ ይኹን ሕብረተሰብ ኣብ ባህሉን ታሪኹን ሓዲሽ ነገር ክጽንዕን ክጻርን ክጠናኸርን ዝኽእል ዝጸንሖን ዝኃለፈን ባህሉ፡ ከማኡ'ውን ታሪኹን ትውፊቱን መበገሲ ክገብር እንተኽኣለ ምዃኑ ዘከራክር ጉዳይ ኣይኮነን። ሕዝቢ ኢ.ሮብ ከዓ ከምቱ ኢ.ትዮጵያውነቱ ገይሩ ዘዅርዖ፡ በዓል-ቤት ናይዙ ከምዙይ ዝበለ ቅርሲ (legend) ናይ መፈለጥታኡ ስምን ታሪክን ምዃኑ'ውን ኣጸቢቑ ዝኾርዐሉ ጉዳይ ኢ.ዩ። ይኹን እምበር ኣስፈሓም ክጽሕፉ ንዝደልዩ መተባበዕን መበገስን ከምዝኸውን ብምእማን ድኣ እምበር ምሉእ ንምሉእ ታሪክ ሕዝቢ ኢ.ሮብ ጽሒፈ ኢ.የ ንማለት ኣይደፍርን።

ሕዝቢ ኢ.ሮብ ሎሚ ቀንዲ ቋንቋኡ ገይሩ ዝጥቀመሉ ቋንቋ-ለበሳ (ሳሆ) ብምንጋሩ ምኽንያት "ብሔረሰብ ኢ.ሮብ" እኳ እንተተብሃለ፡

[2] Carlo Conti Rossini, <u>Studi su Popolazioni dell'Etiopia</u>, Casa Editrice Italiana, Roma, 1914, ገጽ 866 ርአ።

[3] ዎና ወልደጊዮርጊስ ወዲ ዎና ቦካ እንካብ ክብረ ነገሥት ዘጽሓፍዎ፡ "ወአጽሐፎ ለዝንቱ ትውልድ ዎና ወልደ ጊዮርጊስ፡ በዘበነ መንግሥቱ ለሐፀይ ዮሓንስ ንጉሠ ነገሥት ዘኢ.ትዮጵያ" ዝብል ናይ ኢ.ድ ጽሑፍ ቅዳሕ፡ (ኣብ 9ይ ገጹ)።